# ሓሳባት - ሪኢቶን መሃብ
# ህዝብን መንግስትን ዘተኣራርም ዶ ኣይኮነን፡፡

ብክፍላይ ተኪኤ
ዕለት 15.12.04

ዝከበርካ ኣንባቢ ሓሳብን - ሪኢቶን መሃብ ህዝብን - መንግስትን ዘተኣራርም ዶ ኣይኮነን? ዝብል ኣርእስቲ ተሞርኪሰ ክጽሕፍ እንከለኹ ሓደ ዝተዓዘብክዎ መመሊሱ ዘሰደምሞ ኮይኑ ዘሎ ካብ ዝሓለፈ ፍጻሜታት ዘኪሩ ዘይማሃር ሰብ ኣቀዲሙ ሓሳባትን - ሪኢቶን ዘይቅበል ጥራሕ እዩ፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ካኣ ጸገማት የጋንፎ፡ ሕጂ ድማ መንእሰይ ዋልታ ሃገር መንእሰይ ዋርሳይ ደካኣሉ፡፡ እናተባህለ ህዝቢ ኤርትራ ዝሕብነሉን ክንሱ እዚ ኩሉ ጸገማት ክረክብ ከሎ የሕዝነካን የሰደምመካን፡ ሕጂ ከ እንታይ ምክንያት (justification) እዩ ክዋሃብ፡፡ ከም ሰብ ርቃሒ ናይ ሰብ ዘለዎ ፍጡር ሂወት ናይ ወዲ - ሰብ ክሳብ ክንደይ ክብርቲ ምካና ስለ ዘፈልጥ እዋይ ኣሕዋተይ ክትብል እንኮለካ ነብሲ ስጋካ የሳቅየካ እዝስ ኣምንትምታይ እዩ እዚ ኩሉ ጸገማት፡፡ ነዚ ጸገማት እዚ መን ኣሎ ዝይደንጸዎ እወ ደንጽይዎ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይንሱ እንድዩ ሃገር ዘድሓነ ሕጂ ውን ንሱ እዩ ዋልታ ሃገር እናበልኩ ከለኹ ተመሲሰ ንነብሰይ ሓተትክዎ፡ ብርዔይ ትዕግስቲ ግበሪ ክብል ጀመርኩ ሰባም ኣዛራርባ ንኩነታተ ዘህድእ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ንዶቱ ዘዝሕል ንወለዲ ዘጸናንዕ ቃል ክሰምዕ ጽን በልኩ፡፡

ኣንታ ኣምላክ ልቦና ዝመለኦ ኣዛራርባ ሎምስ ተሰማዓኒ ትከውን እናበልኩ ከለኹ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ክቅበሎ ዘይክእል ኣዘራርባ ምስ ሰማዕኩ ብዙሕ ተገርምኩ፡፡ ወዮ ብርዔይ (my pen) እንታይ ኢሳ ከም ትጽሕፍ መሊሱ ገረማ ከምዚ ዘኣመሰለ ዓቢ ተረኽቦ ናይ ህወት መጥፍእ ትጽቢት ስለ ዘይነበራ፡፡ወረ እንታይ ኮይና ኢና ከም ህዝብን ሃገርን ዓቢ ምስ ንእሽቶይ ንጊጋታት ከነዕርይ መልሲ ዘይንህበሉ ህዝቢ መንግስቲ መንግስቲ ካኣ ህዝቢ ዶ ኣይኮነን?

ከም ጻሓፋይን ሓሳብ ኣቀራብን ሓደ ነገር የዘኻክረኒ ኣደ - ኣቦ ቅድመካ ደሰጣሓኒ እዚ ወደይ - እዛ ጋለይ ክብሉ እንከለው ብክያት መሪር ሓዘን ትዝ ኣይብለናንዶ? ክቡራት ወለዱ ጽንዓት ይሃብኩም ዕሽል መንእሰይ በዘይ መዓልትካ ናይ ሞት ጽዋዕ ዝከፍልካ ኩሉ ሓውካ ሓብትካ መተዓብትካ መማህርትካ ንዓካ ይዝክር ምስ ንብዓት ዓይኑ፡፡

ይመለስ ናብ ኣርእስተይ ብሰፊሑ ክብል እንከለኹ ሓደ - ሰብ ወይ እኩብ ህዝቢ ሓሳባትን - ሪኢቶን ክህብ ዝክእል፡፡
ኣነ ከም ጻሓፍን ሓሳብ ኣቅራብን ኮይነ ክሪኦ እንከለኹ በክልተ መንገዲ ይጥምቶ እቲ ሓደ መንገዲ ኣውንታውን - ኣሉታውን ኣቶኩሮ ገርካ ንዘሎ ኣዛራቢ ነጥቢ (important point) ዘተኣራርምን - ዘራዳድእን ሃዋሁ ምፍጣር ኮይኑ እቲ ካልኣይ ካኣ ኣጣማምታ ነቲ ዝወሃብ ዘሎ ሓሳባትን - ሪኢቶን እንተስ በጽሑፍ እንተስ በቃል ኣየናይ እዩ ጠቓምን - ዘይጠቅመካን (which one important is not important) መሚካ ንኩሉ ዘራዳድእ ሐሳብ ምውሳድ እቲ ዝበለጸ እዩ፡፡ እዚ ዘይምህላው ግን ሂወት ጠፊኡ በጣዕሚ የሕዝን፡ ወዲ-ሰብ እቲ እናወሰደ እቲ እናገደፈ ብምርድዳእ ኣብዛ ዓለምን ኣብ ወሽጢ ሕበረተ-ሰቡን ዝነብር፡፡
ከምኡ ስለ ዝኾነ ካኣ ወዲ-ሰብ ንዘጋጥሞ ኩነታት እናፈትሐ እናተራዳድእን ዝከይድ እንተድኣ ኮይኑ ቀልጢፉ ናብ ምዕባሌ ዘማጣጠር፡፡ ንሕና ከም ህዝብን-ሃገርን ክንስና ብከፊል ክንገብሮ ዘይምክኣልና እንታይ እዩ ጸገምና? ናይዚ መልሲ ካኣ እቲ ኣብ ጹሑፈይ ብሓጺር ኣስፈረዮ ዘሎኹ እዩ፡ እቲ መልሲ በሓቂ ካኣ ንሱ እዩ፡፡

ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ግን ሓደ ኣሰደማምን ኣተሓሳሰብን ኣብ ደቂ - ሰባት ዘሎ ንዝወሃብ ሓሳባትን - ሪኢቶን-ሕቶን በድፍኦ ኣሉታዊ ድዩ ወይስ ኣውንታዊ ክይፈለጡ ንመሰሎም ጨሪሾም ረሲዖምን ንዝወሃብ ሓሳባትን - ሪኢቶን ኣብዘይ ማእዘኑ ኣጸጊዕካ እቲ ዝዋሃብ ሪኢቶን ክይመመካ ንኩሉ በዓይኒ ኣሉንታዊ እናረኣካ ምዝራብ ናይ ጎደና እዋን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ካአ ዘይባህልናን - ዘይልምድናን እዩ። ወረ እዚስ ክሳብ መዓስ እዩ. ክምዚ እናተባህለ ክከይድ፡ ወዲ - ሰብ እዩ ንቁኑዕ ክብል ዘለዎ ንጌጋ ድማ ምእንቲ እቲ ጌጋታት ክእረሞ ጌጋ ክብል ክክእል ኣለዎ። ጸገሙ-ሬህዉሑ ኩሉ ንዓካ እካንዩ፡ ወዲ-ሰብ ንመሰላቱ ባዕሉ እዩ ዝሕልዋ ይመስሊ፡ ንሕና ከም ሕዝብን ሃገርን ናጽነትነ ዘሎና መን ንመሰልና ክሕልወልና ንደልይ ኣሎና እሱ ስለ ዝኮና ካኣ ፖለቲካዊ -ቁጠባዊ-ማህበራዊ ፍታሕ ንስእነሉ ዘሎና።

ኣብዚ ክብሎ ዝደልይ ናብ ታሪካዊ ቃልሲ ተመሊሰ በሓጺር ኣጋሳልጻ ክጽሕፍ እንከለኹ ህዝቢ ኤርትራ ንመዋእል ተቃሊሱ ክቃለስ ከሎ ካኣ ንናጽነትን-ንሓርነትን-ንፍትሕን-ሰላምን-ንዲሞክራሳዊ መሰላትን ብዓቢኡ ነቲ ንኩሉ ዘማእክል ቁዋማዊ ሕጊ ከተክል ኢዩ። ካብዚ ተበጊሱ ካኣ መሰላዊ ሕትኡ (question of human right) ክማላእሉ እቲ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ ህዝቢ ሕቶ እዩ። እዚ ካኣ ህዝብን-ሃገርን ናጽነትን ስለ ዘለዎ እዩ። እዚ ካኣ ሃገር ብዘይ ሕገ ሰላም ክሰፍና(any country without low there is no peace) ሰለ ዘይትክእል ህዝቢ በዘይ ሕጊ ክቅውሞ (people without low there is no existence) ሰለ ዘይክእል ኩሉ ህዝባዊ ምምሕዳሪት ናይ ሰራሕ ግዕዝኡ ብዘይ ሕጊ ክንቃሳቀስ (all public administration without low can not work properly) ስለ ዘይካኣል፡ እዚ ክብል እንከለኹ ካኣ ህዝብን መንግስትን ዘማእክሎ ቁዋማዊ ሕጊ እንተዘይ ኮይኑ ካልእ ክህልው ኣይክእልን እዩ ክብል ይድፍር። ቁዋማዊ ሕጊ ክሳብ ዘይተተገበረ ዘኮነ ነገር ክዕረይ ኣይክእልን እዩ ሰለምንታይ ክምዚ ይብል ኣለኹ ወዲ - ሰብ ብሕጊ ስለ ዝቅይድን ስለ ዝመሓደርን እዚ ካኣ ኤርትራ ናተይ ናትኩም ናይ ደቀይ ናይ ደቅኩም ስለ ዝኮነት እዩ ስለዚ ንሕና ከም ደቂ-ሰባት ናይ ደቅና ታሪካዊ ሕቶ ንሓዋሩ ኣሎና። ንታሪካዊ ክነራጋግጸሎም ጥፕሕቲ ኤርትራ ቁዋማዊ ሕጊ ዘለዋ ክነጽሐሎም ዓቢ ታሪካዊ ሓበን ኮይኑ ዓቀብትን - ኣርከበትን ንሕና ስለ ዝኮና።

ተንተንቲ ጻሓፍትን ከም ዝብልዎ ሓደ ህዝቢ ሸግራቱ ክፈትሕ እንተደአ ንመሰላቱ ተመርኪሱ ሓሳባትን ሪኢቶን ክህብ እንተዘይኪኢሉ ኣብ መወዳእታ ማዕዘኑ ደስሕት እሞ ኣብ ዘይምርድዳእን -ቁልውሳውን እዩ ዝበጽሕ ይብሉ፡ እዚ ካኣ ኣውንታዊ ሓቂ እዩ።

ዝክበርካ ህዝቢ ኤርትራ ንዘሎ ኩነታትካ እናረአካ ክምዘይረአካ እናሰማዕካ ክምዘይሰማዕካ ተሓልፊ ኣሎካ ኣቀዲምካ ዓገብ ጌጋታትና ንእርም ዘይምባልካ እዚ ኩሉ ኩነታት ትሪኦ ኣሎካ፡ ሸግራትና ንፍተሓዮ ብሓደ ኮይና ብዘይ ኣፈሰላስይ ሃገር ናይ ኩላትና እያ፡ ዓቢ ምስ ንእሽቶይ ነዚኣ ይዘክራ ክብሪ ክህሊውና።

ኣብ መወዳእታ ጹሑፈይ ክበሎ ዝደልይ ሓሳባትን - ሪኢቶን ምሃብ ናይ ህዝብን ሃገርን ሓሳፍነት ኮይኑ ሪኢቶን - ሓሳብን ግን ሃናጽን ኣራምን ክከውን ንጻሓፍትን ንሓሳብ ኣቀራብትን በትሕትና የተሓሳስብ።

ሰላም ንህዝቢ ኤርትራ

ክፍላይ ተኪኤ

ጀርመን